

ተስፋይ ተኽለ

# ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ፕሮግራም

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ

# ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ፕሮግራም

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ

# ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ፕሮግራም ህ·ግ·ሓ·ኤ

**ዕላማታት፡—**

1. **ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ምትካል**

ሀ) ናይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናይ ምምሕዳር አካላትን ንኹሉ ጸረ-ሃገራዊን ዘይደሞክራስያዊን ሕግታትን ደምሲስካ፡ ንኤርትራ ዚትንክፍ ኣብ መንጎ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ክልአት መንግስታትን ዚተኸተመ ናይ ወተሃደርን ቍጠባን ፖለቲካን ባህልን ውዕላት ምስራዝ።

ለ) ንናይ ወጻኢ ሓይልታት ረብሓ ዘየገልግል ንቶቶማ ሓፋሽ ህዝቢ ዚሕሉ መንግስቲ ምትካል።

ሐ) ብደሞክራስያዊ መንገዲ ካብ ዚተመርጹ ናጻ ናይ ህዝቢ ወኪላት ምርጫ ህዝባዊ ባይቶ ምቛም፡ እዚ ህዝባዊ ባይቶ ዚ ቅዋም ይሕንጽጽ፡ ሕግታት ይሕግግ፡ ኣብ እተፈላለየ ሚዳታት ሚላታት ይሕንጽጽ፡ ሓድሽ ውዕላት የጽድቕ፡ ህዝባዊ ፈጻሚን ፍርዳዊን አካላት ይመርጽ።

መ) ናይ ርእይቶ፡ ናይ ጋዜጣን ጽሑፍን፡ ናይ ኣኼባ፡ ናይ እምነትን ናይ ሰላማዊ ሰልፍን ደሞክራስያዊ መሰላትን ምሕላው፤ ሃገራውያን ናይ ፖለቲካ ሰልፍታትን ሃገራውያን ናይ ሸቃሎን ሓረስቶትን ደቀንስትዮን ተማሃሮን መንእሰያትን ናይ ሞያን ማሕበራትን መሰላት ምሕላው።

ሰ) ኣብ ቅድሚ ሕጊ ንኹላቶም ዜጋታት ኤርትራ ናይ ብሄርን ጾታን ወገንን ብህላዊ ደረጃን ሰራሕን መዝን ሃብትን እምነትን--- ወዘተ፡ ኣድልዎ ዘይብሉ ማዕርነት ምሕላው።

ረ) ናይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ክራኹር ብዝኾነ ኣብ ልዕሊ ሃገርምን ህዝብምን ግፍዒ ንዚፈጸሙ ኤርትራውያን ብጽኑዕ ሕጊ ምቕጻዕ ።

2. <u>ካብ ናይ ወጻኢ ምቁጽጻር ናጻ ዝኾነ፡ ኣብ ነብሱ ምኽኣል እተመርኮሰ፡ ብውጥን ዚምራሕ ሃገራዊ ስርዓተ ቁጠባ ምትካል</u>

ቁጠባ ኤርትራ ንምምዕባል ኣብ ሕርሻን ኢንዱስትሪን ንግድን ብሕታዊን መንግስታዊን ክፋላት ይሀሉ ። እቲ መሰረታዊ ቁጠባዊ ምንጪታት መንግስታዊ ይኾኑ። ኣብ ብሕታዊ ክፋል ናይ ውሽጢ ሃገር ርእሰማል ወፍሪ፡ ኣብ መንግስታዊ ክፋል ድማ ናይ ወጻኢ ርእሰማል ወፍሪ ምፍቃድን ምትብባዕን ።

ሀ) <u>ሕርሻ</u>

1. ኩሉ ኣብ ኢድ ወራሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዘሎ መሬት ኣብ ጥቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ምውዓል ።
2. ዓበይቲን ዘመናዊ ተክኒክ ዚሓቱን ሰፋሕቲ ሕርሻታት መንግስታዊ ሕርሻታት ብምግባር፡ ምህርቶም ኣብ ጥቕሚ ሓፋሽ ህዝቢ ምውዓል ።
3. መሬት ኣብ ጥቕሚ ሓረስቶ ንምውዓልን ኣብ ኤርትራ ዚርከብ መሬት ማዕርነታዊ ምድልዳል ክግበረሉ፡ ዘመናዊን ምዕቡልን ናይ ሕርሻን ጉስነትን ስርዓት ንኺሕዝ ናይ ሓረስቶት እዮትን ናብራን ከመሓይሽ ዚኽእል ናይ ምትሕግጋዝን ሕብረትን ኩነታት ክፍጠር ምትብባዕ ።
4 ናይ ኤርትራ ሓረስቶት ጸገም ንምቅላል ምስ ዘመናዊ ናውቲ ማሕረስ ኣብ ርእሲ ምልላይ፡ ናይ ኣማኽርትን ክኢላታትን ናይ መሬት መልምዒ ድኹዒታትን ዒላታትን ሓጽብታትን ናይ እንስሳ ሓለዋ ጥዕናን መንዓዚ ገንዘብን ···ወዘተ፡ ሓገዝት እና ገበርክ፡ ዘመናዊ ናይ ሕርሻ መደብ ክምዚሕዙን ናብራኦምን ኩነታት ስርሖምን ክምዚመሓየሽ ምግባር።
5. ሰዘኽ ሳግም ኤርትራውያን ዘመናዊ ናይ እንስሳታት ምፍራይ መደብ ንኺሕዙ ኣብ እተወሰነ ቦታታት ምቕማጥ ንኺለምዱ፡ ብሕርሻ ንኺምዕብሉ፡ ናብራኦም ንክመሓየሹ፡ ናይ እንስሳታት ምፍራይን ሓለዋ ጥዕናን ሕርሻን ትምህርቲ ምሃብን፡ ናይ ኣማኽርትን ክኢላታትን ገንዘብን ሓገዝ ምግባር ።
6 ኣብ መንጎ ሙልቀሰባትን ዓድታትን ዚርከብ ናይ መሬት ምስሕሓብን ዘይምድልዳልን፡ ረብሓ ናይቲ ውጹዕ ወገን ምስ ጥቕሚ ሃገራዊ ምህናጽ ከወሃሃደሉ ብዚኽእል ኣገባብ፡ ብሰላማዊ መንገዲን ብስምምዕን ክምዚፍታሕ ምግባር ።
7. ኣብ ገጠርን ከተማታትን ቁጠባዊ ትሕዝቶን ኩነታት መነባብሮን ምምዕባልን ምቅርራብን ።
8. ሰፋሕቲ ሸኻታትን ኣብ በረኻታት ዚርከቡ ኣግራብን ንብረት መንግስቲ ምግባር፡ መሬትን ኣግራብን እንስሳታትን ንኽይበርሱ ምሕላው፡ ናይ ምግራብ ዘመቻ ድማ ምክያድ ።
9. ኣብቲ ቁጠባዊ ውጥን ኣብ መንጎ ሕርሻን ኢንዱስትሪን ዘሎ ዝምድና ብግቡእ ክምዚሕሎ ምግባር።

ለ <u>ኢንዱስትሪ</u>

1. ኣብ ኢድ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ክራኹርም ኤርትራውያንን፡ ተጻረርቲ ናጽነት ኤርትራ ዚኾኑ ወጻእተኛታትን ዚርከቡ ኢንዱስትሪ ብምሉኡ ምህጋር።

2. ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት ፣ ማሕጎዳታት ፣ ናይ ባሕሪ ሃብቲ ፣ መራኽቢ ፣ ህዝባዊ መጎዓዝያ ፣ ናይ ሓይሊ መደበራት ብመንግስቲ ይውነን ።

3. ናይ ባሕሪ ሃብቲ ምምዝማዝ ማእቶት ናይ ጨውን ክልእ ማዕድናትን ምድንፋዕ ፣ ናይ ዓሳ ኢንዱስትሪ ምምዕባል፣ ዘይተዳህሰሱ ማዕድናት ድማ ምድህሳስ።

4. ርእሰማል ዘለዎም ሃገራውያን ኤርትራውያን ኣብ ብሕታዊ ክፋል ፋብሪካታትን ኣብያተ ዕዮን ብምውናን ኣብ ሃገራዊ ምህናጽ ንኪሳተፉ ምትብባዕ።

5. ናኣሽቱ ኣብያተ ዕዮ ንምድንፋዕ ፣ ሕርሻ ንምምዕባል ፣ ናይ ኢንዱስትሪ ተጸጋዕነት ንምቕላስ፣ ከቢድ ኢንዱስትሪ ንምምዕባል ምጽዓር ።

ሐ) <u>ፋይናንስ</u>

1 ንቑጠባዊ ምንቅስቓስ ንምቁጽጻርን ንቑጠባዊ ምዕባለ ንምቅጣንን ናይ ባንክ ስራሓት ምምእካል፣ ኩሉ ናይ ውሕስነት ማሕበራትን ባንክታትን ናይ መንግስቲ ምግባር ።

2. ሓደ ብመንግስቲ ዚውነን ማእከላይ ሃገራዊ ባንክ ምቛም ፣ ናጻ ዝኾነ ሃገራዊ ገንዘብ ድማ ምሕታም።

3. ንኣፋፍሽ ህዝቢ ክብ ምዝመዝ ንምንጋፍ ፣ ንሓረጣ ዝኹሉ መልክዕ ምውጋድ ፣ ልቓሕ ከኣ ብቲ ዚተሓተ ወለድ ምሃብ ።

4. ናይ ሕርሻውን ኢንዱስትሪያውን ኢ.ደ. ጥበባውን እቶት ገበር ውሽጣዊ ዕዳጋ ንምሕላው ፣ ከከም ተደላይነቱ ናይ ትምፉክ ሜላታት ምሕንጻጽ ።

5. ናይ ንምምሕዳርን ንምክልኻልን ፣ ማእቶታዊ ተግባራት ንምስልሳልን ፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምሃብን ዝኸእል ዚተደላደለን ርትዓውን ናይ ግብሪ ኣከፋፍላ ሜላታት ምሕንጻጽ ።





መ) <u>ንግድ</u>

1. ናይ ሃገር ንግድ ንምምዕባል ኣድላዪ መርበብ ናይ ምድርን ኣየርን ባሕርን መራኽቢን መጎዓዝያን ምዝርጋሕ ።

2. መንግስታዊን ብሕታዊን ንግድ ሃልዩ፣ እቲ ብሕታዊ ንምህናጽ ሃገር ዚጎድእ ከይከውን መንግስታዊ ቊጽጽር ምግባር ።

3. ኣድለይቲ ሃለኽቲ ኣቑሑ ንደገ ዘይምልኣኽ ፣ ናይ መጋየጺ ኣቑሑ ድማ ብዓቐን ምምጻእ ።

4 ኣብ ውሽጢ ንዚፈሪ በብዓይነቱ እቶት ምልውዋጥን ዋጋታት ምውሳንን ምቊጽጻርን ።

5. ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ዚኣቱን ዚወጽእን ኣቑሑ ኣጥቢቕካ ምቅዋም ።

6. ምስ ኩለን ሃገራት ፣ ፖለቲካዊ ስርዓተን ብዘየገድስ ናይ ንግድ ዝምድና ምምስራት ።

ሰ) <u>ናይ ከተማ መሬትን ኣባይትን</u>

1. ኩሉ ናይ ከተማ መሬት ናይ መንግስቲ ንብረት ይኸውን ፣ መሬት ምክራይ ፍቑድ ከይኑ ብመንግስታዊ ሕጊ ይውሰን ።

2. ብደርግ ዚተገብረ ግጉይ ኣገባብ ኣተሃጋግራ ኣባይቲ ተጸኒዑ ዳግመ ግምት ምግባር ።

3. ኩሉ ዜጋ ንመንበሪ ዝኾዋን ንዘክርዎን ገዛ ኪሰርሕ ምፍቃድ ።

4 ናይ ህዝቢ ናብራ ንምጥጣሕ ፣ ደረጃ መነባብሮ ኣብ ግምት ብምእታው ፣ ርትዓዊ ዚኾነ ናይ ኣባይቲ ክራይ ዋጋ ብመንግስቲ ምውሳን ።

5.- ናይ ገዛውቲ ዋሕዲ ንምቅላልን ናይ ሓፋሽ ሽግር ንምፍታሕን ፣ ብዘመናዊ ቅጥዒ ከከም ኣድላይነቱ ኣበይቲ ምህናጽ ።

## 3. <u>ባህልን ትምህርትን ስነ-ኪነትን ሓለዋ ጥዕናን ምምዕባል</u>

### ሀ) <u>ባህሊ</u>

1. መግዛእቲ ኢትዮጵያን ከልኣት ባዕዳውያን ሓይልታትን ፣ ህዝቢ ኤርትራ ንምግዛእን ንምምዝማዝን ኤርትራዊ መንነት ንምጥፋእን ኪብሉ ዚዘርግሕዎ ናይ ባዕዲ ሕማቕ ልምድታትን ነውራም ማሕበራዊ ተግባራትን ምጥፋእ ።
2. ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንዘሎ ባህልታትን ልምድታትን ነቲ ሕማቕ መዳያቱ ኣጥሪኢካ ነቲ ጽቡቕን ኣወንታዊን ትሕዝቶኡ ምምዕባል ።
3. ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዚወሃብ ናይ ትምህርቲ ዕድል ናይ ኤርትራን ህዝባን ዝነቓ ኣንጻር መግዛእትን ጭቆናን ፣ ንሃገራዊ ናጽነትን ሓርነትን ዚተኸየደ ቃልሲ ተመኩሮን መስዋእትን ጅግንነትን ፣ ናይ ሃገር ጽቡቕ ወግዕን ልምድን ባህልን ኣጸቢቑ ከም ዚፍለጥን ከም ዚኽበርን ከም ዚምዕብልን ምግባር።
4. ምእንቲ ድሕነት ሃገሮምን ህዝቦምን ኪብሉ ኣብ ሰውራዊ መትከላቶም ኣብ ናይ ናጽነትን ሓርነትን ቃልሲ ተሰሊፎም ዚተሰውኡ ጀጋኑ ዜጋታት ህዝቢ ኤርትራ ከም ዚሕበኑሎምን ዚኽርዓሎምን ታሪኽ ሃገሮም ንዘልኣለም ከም ዚዝከሮምን ምግባር።
5. ንሰፊሕ ሃገራዊ ባህሊ ንምምዕባል ፣ ባህላዊ ማእከላትን ክበባትን ፣ ከም ትያትር ፣ ሲነማ ፣ ---ወዘተ፡ ዝኣመሰሉ ባህላዊ መሳለጥያታትን ምምስራት ።

### ለ) <u>ትምህርትን ስነ-ኪነትን</u>

ናይ ህ ግ ሓ ኤ ትምህርታዊ ሜላ ንመንበብር ህዝቢ ንምምሕያሽ ምዕባለ ኢንዱስትሪ ሕርሻ ስነ-ኪነት



ክረጋግጽ ፣ ኣብ ባህላዊ ደረጃ ምዕባለ ዘሎ ናይ ፍልልይ ጋግ ከጽብብን ከጥፍእን ፣ ንሃገራዊ ሓድነት ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ከገልግል ዚዓለመ ኢዩ።

1. ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ናይ ድንቍርናን ጸልማትን ንምውጻእ መሃይምነት ንምጥፋእ ምቅላስ ።
2. ንብሒ-ወከፍ ዜጋ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ኪፍጽም ምግዳድ ፣ ንብሒ-ወከፍ ብዜር መበእታዊ ደረጃ ትምህርቲ ብቛንቛኡ ወይ ብዝመረጾ ክልእ ቋንቋ ምሃብ ።
3. ኣብ ነንበይኖም ሜዳታት ናይ ስነ-ፍልጠት ፣ ስነ-ጥበብ ፣ ስነ-ኪነት ፣ ሕርሻ ፣ ናይ ዚለዓለ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ምኽፋት ፣ ካብ መበእታዊ ደረጃ ንላዕሊ ዘሎ ትምህርቲ ብቛንቛ እንግሊዝኛ ምሃብ ፣
4. ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ከም ዓይነት ትምህርቲ ምሃብ ።
5. ኣብ ነንበይኖም ሜዳታት ትምህርቲ ንምቕሳም ፣ ንተማሃሮ ማህደረ-ትምህርቲ ምሃብ ።
6. ኣብ ነንበይኑ ቦታታት ኤርትራ ብፍላይ ኣብቲ ትምህርቲ ዘይኣስፋሕፍሑ ከባቢታት ኣተኲሮ ብምሃብ ከከም ደረጅኡ ኣብያተ ትምህርቲ ምኽፋት ።
7. ንትምህርቲ ካብ ሃይማኖት ምፍላይ ።
8. ኩሉ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ መንግስቲ ፣ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ክኣ ብናጻ ምኻን ፣
9. ትምህርቲ ካብ ማእቶት ከይንጸልል ፣ ትምህርትን ማእቶትን ኣወሃሂድካ ኣብ ጥቕሚ ሓፋሽ ምውዓል።
10. ንዜጋታት ፣ ብፍላይ ከኣ ንተማሃሮን መንእሰያትን ናይ ገዛእ ርእሶም ማሕበራት ብምምስራት ፣ ብስነ

ፍልጠትን ስነ-ጽሑፍን ኢደ-ጥበብን ስነ-ኪነትን ምምዕባልን ምስልጣንን ።

11. ንኪኢላታትን ፈላጣትን ክእለቶምን ፍልጠቶምን ኣብ ጥቅሚ ሓፋሽ ንምውዓል ፡ ጥጡሕ ናይ ስራሕ ኩነታት ምቕራብ ።

12. ምስ ክልኣት ሃገራት ናይ ሓባር ጥቕምን ማዕርነትን ዚሓለወ ናይ ትምህርትን ባህልን ስነ-ኪነትን ልውውጥ ምግባር ።

ሐ) ሓለዋ ጥዕና

1. ሕክምና ብናጻ ክምዚኸውንን ናብ መላእ ህዝቢ ክምዚባጻሕን ንምግባር ምጽዓር ።

2. ኣብ መላእ ኤርትራ ሆስፒታላትን መደበራት ሕክምናን ክከም ኣድላይነቱ መስረትካ፡ ናይ ህዝቢ ጥዕና ብዘመናዊ መንገዲ እናሓለኻ ሕማማት ምጥፋእ ።

3. ንናይ ሃገር ልምዳዊ ኣገባብ ሕክምናን ኣፋውስን ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ምምዕባል ።

4. ጥዑያት ዜጋታት ንምህናጽ ናይ ምውስዋስ ኣካላትን በበይኑ ናይ ስፖርት መደበራትን ምኽፋት ።

4. ማሕበራዊ መሰላት ምሕላው

ሀ) መሰል ሰራሕተኛታት

1. ሃገር ብኢንዱስትሪን ሕርሻን መታን ኪምዕብል ዝኽበደ ዕማም ዚስከም እቲ ሰራሕተኛ ክፍሊ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ዕላማ ዚ ንምፍጻም ሰራሕተኛ ብዝለዓለ ደረጃ ክም ዚውደብን ክእለታዊ ዓቕሙ ክብ ክም ዝብልን ምግባር ።

2. መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን ፡ ሰራሕተኛታት ኤርትራ ንምምዝማዝን ንምጭፍላቕን ዚጥቀሙሉ ምምሕዳርን ሕጊታትን ስም-ለበስ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ምፍራስ ።

3. ሸሞንተ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ምውሳን ፡ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ፡ ዕስራን ሓሙሽተን (25) ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ዓመት፡ ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ዕረፍቲ መሰል ድማ ምሕላው።

4. ናይ ሰራሕተኛታት መሰል ብግቡእ ዚሕልው ዚተፈልየ ናይ ሰራሕተኛታት ሕጊ ምውጻእ ።

5. ሰራሕተኛታት ዚነብሩሉ ጥጡሕ ቦታን ጽቡቕ ኩነታት መነባብሮን ክምዚህልዎም ምግባር ።

6. ሰራሕተኛታት ብሕማምን ጉድለት ኣካልን ዕድመን ምኽንያት ካብ ስራሕ ምስ ዚበኾሩን ዓዲ ምስ ዚውዕሉን ዚሕግዙሉ ናይ ክንክንን ሓገዝን መደብት ናይ ውሕስነት ምውጻእ ።

7. ብዘይ ምኽንያት ካብ ስራሕ ምስጓጉን ብዘይ ኣገባብ ደሞዝ ምቑራጽን ምኽልካል ።

8. ሰራሕተኛታት ኣብ ምምሕዳር ናይ ዚሰርሑሉ ዋኒን ሀንጻታትን ኣብያተ ዕዮን ክምዚካፈሉ ምግባር ።

9. ሽቕለተ-ኣልቦነት ንምጥፋእ ምቅላስ ።

ለ) መሰል ደቂኣንስትዮ

1. ደቂኣንስትዮ ኣብቲ እንጻር በዕዳዊ ወራርን ፡ ማሕበራዊ ምቅይያር ንምምጻእን ዚግበር ቃልሲ ዚሳተፉሉ ማሕበር ምምዕባል ።

2. ኣብ ዘቤታዊ ስራሕ ክይተወሰና ፡ ፖለቲካውን ቢዐላውን ኢደ ጥበባውን ደረጃአን ንክማዕብላ ስራሕ መደብ ምውጻእ ።

3. ኣብ ናይ ፖለቲካን ቍጠባን ባህልን ማሕበራዊ ሂወትን ምስ ደቂተባዕትዮ ምሉእ ናይ ማዕርነት

መሰል ምሃብ ፣ ንተመሳሳሊ ስራሕ ክኢ ማዕረ ደሞዝ ምኽፋል ።

4. መሰል ደቀንስትዮ ዚሕሉ ናይ መርዓን ናይ ቤተ ሰብ ምምሕዳርን ሕጊ ምሕጋግ ።

5. ንነብሰ ጾር ሰራሕተኛታት ደቀንስትዮ ምሉእ ደሞዝ እናረኸባ ናይ 2 ወርሒ ናይ ሕርስን ጥንስን ዕረፍቲ ናይ ምርካብ መሰለን ምሕላው ።

6. ናይ ኣደ.ታትን ህጻናትን መሰል ሓሊ.ኻ፣ ናይ ቤት ሓራሳትን መዕበያ ቆልዑትን ናይ ህጻናት ትምህርትን ኣገልግሎት ምምዕባል ።

7. ምንዝርናን ንምጥፋእ ምቅላስ ።

8. ጥዕናኦን ጎዳኢ ኣብ ዚኾነ ስራሕ ንከይሰርሓ መሰለን ምሕላው ።

9. መራሕትን ናይ ህዝቢ ኣገልገልትን ደቀንስትዮ ዚበዝሓሉን ዚድንፍዓሉን መደበት ምውጻእ።

ሐ) ስድራታት ስዉ.ኣትን፣ ጎደሎ ኣካል ተጋደልትን፣ ማሕበራዊ ረድኤት ዘድልዮም ክልኣትን

1. ኣብ ሰውራ ኤርትራ ኣንጻር ናይ ኢ.ትዮጵያ መግዛእትን ምእንቲ ሃገራዊ ድሕነትን ኣብ ብረታዊ ቃልስን ኣብ ኣብያተ ማእሰርትን ኣካሎም ንዚ.ጎደሎ ተጋደልትን ክልኣት ዜጋታትን ዘድሊ ክንክንን ሓገዝን ምግባር ።

2. ብወራር መግዛእቲ ኢ.ትዮጵያ ሓደጋ ንዚ.ወረዶም ብባህርያዊ ወንቅታት ንዝተጎድኡን፣ ንዘኽታማትን ኣረግቶትን ኣካለ ጎደሎን ዜጋታት ሓገዝን ረድኤትን ምግባር ።



3. ኣካለ ጎደሎ ዚ.ጋታት ኣፍረይቲ ንኪ.ኾኑ ምስ ኩነታቶም ዚሰማማዕ ትምህርትን መደብ ስራሕን ምቕራብ ።

4. ንስድራታት ስዉ.ኣት ኣድላዪ ረድኤትን ክንክንን ምግባር ።

5 ናይ ብሄራት ሓድነት ምድልዳልን ማዕርነት ምሕላውን ።

ሀ. ዓለማዊ መግዛእትን መግዛእቲ ኢ.ትዮጵያን ክፋ ኩርዖምን ንህዝቢ. ኤርትራ ንምፍልላይን ንምብሕንን ንምምዝማዝን ዚተኽልዎ ሕማታትን ምምሕዳራዊ ስርዓታትን ምፍራስ ።

ለ) ኣብ ተሞክሮ ሃይሊ. ብተበለጸቲ እተገብረ ጌጋታት ብምሉኡ ምእራም ።

ሐ) ንብሄራዊ ትምክሕትን ጸቢ.ብ ብሄርትነትን ምቅዋም።

መ) ናይ ብሄራት ሓድነትን ሕውነትን ምስፍሕፋሕን ምምዕባልን ።

ሰ) ናብ ሃገራዊ ዕብየትን ድሕነትን ኣምራሕክ ንኹለን ብሄራት ናይ መሰልን ሓላፍነትን ማዕርነት ምርግጋጽ፣

ረ) ናይ ሓበር ምዕባለ ንምርግጋጽ ካብ ኩለን ብሄራት ኣብ እተፈላለየ ሞያታት ካድራት ምምልማል ።

ቀ) ኩለን ብሄራት ናይ ዘረባ ከነ ናይ ጽሑፍ ቋንቋአን ኪ.ዕቅባን ክማዕብላን መሰለን ምሕላው ።

በ) ኩለን ብሄራት ኣወንታዊ ዝኾነ ባህለንን ልምድታትን ኪ.ዕቅባን ክማዕብላን ምትብባዕ ።

ተ) ምእንቲ ብሕታዊ ረብሓኦም ብዝሄር፣ ቀቢ.ላ፣ ኣውራጃ - መዘተ፣ ጉጅለታት ፈጢ.ሮም ናይ ሰውራን ናይ ህዝብን ሓድነት ዕንቅፋት ንዚ.ኾኑ ማለ ሰብት ወይ ጉጅለታት ምቅዋም ።

ነ) ነብሲ - ወከፍ ብሄር መምስ ፍሉይ ኩነታቱ ዘሰማምዕ ናይ ገዛእ ርእሱ ደሞክራስያዊ ናይ ምምሕዳር ትክል ወይ ትካላት ክተኽውም ምኽኣል።

6. ብርቱዕ ህዝባዊ ሰራዊት ምቛም 19.6.

ሀ) ንሃገራዊ ሓርነት ኣብ ዘካይዶ ብረታዊ ቃልሲ ዚኽተሎ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ህዝባዊ ኩናት ከይኑ ሰብን መሬትን ብብደረጃ ሓራ ምውጻእ።

ለ) ኣብቲ ሓራን ሓውሲ ሓራን ዚወጸ ቦታታት መኽሰብ ናይ ሰውራ ንምሕላው፡ ዘበዊ ሰራዊትን ህዝባዊ ሚሊሽያን ምህናጽ።

ሐ) ናይ ህዝቢ ራህዋ ንምርካብን ናብ ዚለዓለ ናይ ሕብረተሰብ ቀጠባዊ ደረጃ ንምብጻሕን፡ ናይ ዜጋታት ምዕባለን ክብረትን፡ ናይ ዶብትን ባሕርን ኣየርን ሕንጻጻትን፡ ናይ መሬት ሓድነትን ናይ ህዝቢ ምሉእ ናጽነትን ዚሕሉ፡ -

ብፖለቲክ ዚበሰለ፡ ብጸያዊ ዝምድና ዘለዎ፡ ብሰውራዊ ዲሲፕሊን ዚትረረ፣

ቆራጽነትን መስዋእትነትን ዚበዐርያ ኣብ ማእቶት ተሳታፍነት ዘለዎ፣

ዘመናዊ ብልሓትን ዕጥቂን ክእለትን ዘሎዎ።

ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ዋልታ ከይኑ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ጾታ፡ ከይፈለየ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዘገልግል ናይ ምድርን ባሕርን ኣየርን ብርቱዕ ሓይሊ ሰራዊት ምቛም። ናይዚ ሰራዊት ዚ መሰረት ድማ እቲ ኣብዚ ግዜ ዚ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነትን ህዝባዊ ሓርነትን ዚቃለስ ዘሎ ሰውራዊ ሰራዊት ይኸውን።

መ) ምዕቡል ወተሃደራዊ ኣከዳሚ ምምስራት።



7. ናይ ሃይማኖትን እምነትን ናጽነት ምሕላው

ሀ) ናይ ሃይማኖትን እምነትን መሰል ናይ ነብሲ ወከፍ ዜጋ ምሕላው።

ለ) ሃይማኖት ካብ መንግስትን ፖለቲካን ምፍላይ።

ሐ) ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ኣብ ገዛኡ ይኹን ኣብያተ ትምህርቲ ዘይምሃብ፡ ኣብያተ ሃይማኖታት ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ጥራይ ዚህቡሉ ትካላት ክሀልወን ምፍቃድ።

መ) ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ይኹን ኣብ ህዝባዊት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንቃልስን ዝሓንሰን ህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት ኪኻፋፍሉ ንዚህቅኑ ምቅጻዕ።

8. ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ንምሩኻት፡ ንጸላኢ ዘገልግሉ ኤርትራውያን ወተሃደራት ንዝፈርሱ ምትብባዕ

ሀ) መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጭቁኑን ንምጭፍላቕን ናይ ዚፍጽሞ ወራር መሳርሒ ዚኾኑ ማዳዳት ወተሃደራት ንምኽታብ ዚገብሮ ጻዕሪ ምቅዋም።

ለ) ንናይ ኢትዮጵያ ባዕዳዊ ሰራዊት ኣብ ምግልጋል ዝርከቡ ኤርትራውያን ወተሃደራት ብንዱን ናብ ቅኑዕ ዕላማ ተመሊሶም፡ ህዝቦም ኣንጻር ናይ ኢትዮጵያ ወራር ኣብ ዝገብሮ ቃልሲ ሓቢሮም ንክሰልፉ ኩነታት ብምፍጣር፡ ንፍቑደኛታት ምሉእ ናይ ማዕርነት መሰል ሂብካ ሓንጎፋይ ኢልካ ምቕባል።

ሐ) ንናይ ኢትዮጵያ ስርዓት እናኣገልገሉ ንዝተማረኹ ወተሃደራት ሰብኣዊ ክንክንን ኣተሓሕዛን ምግባር፡ ፍትሓዊነት ጉዳይ ኤርትራ ኣረዲእካ ትምህርትን

ምዖዊ ስልጠናን ሂብካ ተለዊቖም ኣብ ሃገሮም ናብ ሰላማዊ ናብራ ንኪምለሱ ምሕጋዝ።

መ) ንተረርቲ ልብን ፣ ገበንኛታትን ምእዙዛት ኣገልገልቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ድማ ኣበርቲዕካ ምቕጻዕ።

9. <u>መሰል ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ምሕላው</u>

ሀ) ኣብ ወጻኢ ዚርከቡ ኤርትራውያን ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዚግበር ብረታዊ ቃልሲ ንኪሰለፉን ኣብ'ቲ ቀይሙ ዘሎ ናይ ሓፋሽ ውድባትን ናይ ሞያ ማሕበራትን ንኪሳተፉን፣ ከም ኤርትራዊ ከማት ብሀሎምን መንነቶምን መሰላቶምን ዚሕልውሉ ፣ ኣብ ንሓድሕዶም ዚግበር ምትሕግጋዝ ዚተረሉ ኩነታት ንምፍጣር ምቅላስ።

ለ) ኤርትራውያን ስደተኛታት ፣ ናይ ስደተኛታት መሰሎም ንኪሕሎን ካብ መንግስታትን ኣህጉራዊ ውድባትን ሓገዝ ንኪወሃቦም ማሕበራዊ መነባብሮኦም ንኪምሓየሽን ምጽዓር።

ሐ) ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ኣብ ናይ ሃገሮም ሰለማዊ ቃልስን ምዕባለን ተኻፈልቲ ንኪኾኑ ምትብባዕ።

መ) መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብዚገበሮ መረር ወራርን ጭካነን ካብ መሬቶምን ሃገሮምን ዚተሰጐን ዚረሓቑን ኤርትራውያን ብደሊቶም ናብ ሓራ መሬት ተመሊሶም መነባብሮኦም ዘመሓይሹሉን ዘማዕብሉሉን ጸዓርታት ምክያድ።

10 <u>መሰል ናይ ኣብ ኤርትራ ዚነብሩ ወጻእተኛታት ምሕላው።</u>

ሀ) ምእንቲ ሃገራዊ ድሕነት ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርታን ንዚግበር ቃልሲ ብግሁድ ከኣ ብስውር ንዚሓገዙን ኣንጻር ሰውራ ንዘይሰርሑን



ወጻእተኛታት ፣ ምስቲ ዚቕውም ስርዓት ሕጊ ተሰማሚዖም ኪነብሩ ምስ ዚደልዩን ናይ ምንባርን ምስራሕን ምሉእ መሰል ምሃብን ዜግነት ንዚሓቱ መንግስታዊ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ምፍቃድን።

ለ) ናይ ኢትዮጵያ መግዛእትን ፣ ተሓባበርታን ፣ ከራኸርን ስዓብትን ክይኖም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንዚስልዩን ዕንቅፋት ንዚኾኑን ወጻእተኛታት ተቐማጦ ብዘይንሕስያ ምቕጻዕ።

ሐ) ናይ ገዝኻ ደኹን ተጻብኢ ብዕዳዊ ሓይሊ መሳርሒ ዚኾኑ ወጻእተኛታት ተቐማጦ ብሕጊ ምቕጻዕ።

11 <u>ናይ ሰላምን ዘይሸርነትን ናይ ወጻኢ ሜላ ምኽታል</u>

ሀ) ሕጋዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ናብ ሕቡራት ሃገራትን ኣባል ሃገራቱን ኣቤቱታ ምቕራብን ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታት ምክያድን።

ለ) ናይ ዚኾነት ትኹን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢዳ ከየእተወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እትእምንን እትድግፍን ሃገር ወይ ውድብ ሓገዝ ምቕባል።

ሐ) ምስ ኩለን ሃገራት ፣ ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርዓታተን ብዘየገድስ ፣ ኣብዚን ዝስዕብ ሓሙሽተ መትከላት ዚተመስረተ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ምምስራት ፣ —

— ናጽነት ፣ ናይ መሬት ሓድነትን ፣ ናይ ሃገር ክብርን ምሕላው ፣
— ንንሓድሕድካ ዘይምውራር ፣
— ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ጣልቃ ዘይምእታው ፣
— ንማዕርነትን ናይ ሓባር ጥቕምን ምስራሕ ፣
— ብሰላም ሓባራዊ ህላዌ ምንባር ፣

መ) ምስ ኩለን ጎረባብቲ ጽቡቕ ናይ ዕርክነት ዝምድና ምምስራት ።

ሰ) ምስ መንነትን ናጽነትን ዘይጋፋ፡ ማዕርነት ዚሓለወ፡ ናይ ባህልን ቍጠባን ስነ ኪነትን ዝምድናታት ምስ ኩለን ሃገራት ምስፍሓሕን፡ ናብ ዝኾነ ይኹን ናይ ዓለም መተሃደራዊ ውድብ ዘይምጽጋዕን፡ ናይ ዚኾነት ሃገር ወተሃደራዊ መደበራት ኣብ መሬት ኤርትራ ከይትክል ዘይምፍቃድን ።

ረ) ቃልስና ዘይፍለ ኣካል ናይቲ ናይ ዓለም ናይ ህዝብታት ቃልሲ ብሓፈሻ፡ ናይቲ ኣንጻር ዓለማዊ መግዛእትን ምትእትታውን ዓሌትነትን ቃልስታት ህዝብታት ኣፍሪቃን እስያን ላቲን ኣሜሪካን ከኣ ብፍላይ ስለ ዝኾነ፡ ንኹሉ ፍትሓውን ደሞክራስያውን ምንቅስቓሳት ምድጋፍ ።

ቀ) ምስ መንነትን ናጽነትን ኤርትራ ዘይጋጮ ናይ ዝተፈላለያ ኣህጉራውን ዞባውን ውድባትን ማሕበራትን ኣባል ምዃን ።

ዓወት ንሓፋሽ!



ኣብ ሣዩን ሓድነታዊ ጉባኤ ህ ግ ሓ ኤ ን
ተ ሓ ኤ (ማ መ)ን ዝጸደቐ ።

12 - 19 መጋቢት 1987